# መሪሕነት ዘስዓቦ ዘይተወድኤ ግፍዕታት ህዝቢ

ሰብ ሰርሖ ከም ገዛ ዝአመሰለ ንብረት በብጊዜኡ ዝከናኸኖ ሓላይ ምስ ዘይረክብ ሕጋይ ብጸሓይን ንፋስን ክነቅዕ፤ ክረምቲ ብማይ ክጥስጥስ ስለ ዝኸርም ብዘይ ዕድሚኡ ዑና ይኸውን። ጸላኢ ዉውን ነቲ ዝገዝኦ ህዝቢ ነባሪ ባህሉ ብሓዲሽ ናይ ደገ ባህሊ ክቕይር፤ ቛንቛኡ ብናይ ገዛኢ ቛንቛ ክትክእ፤ ጉልበት ህዝቢ ብዘይ ደሞዝ አስሪሑ፤ ጥምየት፤ ሕማም፤ ድንቁርና ከስፋሕፍሕ ከሎ ኩሉ ሃብቲ ሃገር ድማ ንሕጊሑ ይወስዶ። ሓደ ገዛኢ ጉልበት ህዝብን ሃብቲ ሃገርን መዝሚዙ ረብሕኡ ከዕቢ ከሎ ተገዛኢ ህዝቢ ድማ ዝነበሮ ንብረት የጥፍእ፤ ተገዛኢት ሃገር ድማ ትዓኑ።ገዛኢ ክወርር ከሎ ብተኸሲ ጥይት፤ ብተባራዒ ሓዊ ዝተፍእ ቦንብታት አብ ቅድሚኡ ዘጓነፎ ንብረት እንዳዕነወ፤ ህዝቢ ቀልዓ-ሰበይቲ፤ አረጊት-መንእሰይ ብዘይፈሊ እናዳቀተለ ኢዩ አብ ሃገር ዝአቱ። ተደፊኡ ካብ ሃገር ክወጽእ ከሎዉውን አብ ቅድሚኡ ዝጸንሖ ዝውሰድ ዘሪፉ፤ ዝቃጸል ሓዊ ወሊዑ እንዳዕነወ ዝተፈላለየ ክፉእ ጠባያት ንባህልን ስነግብርን ዘባላሹ ሕማማት አተአታትዩ፤ ንህዝቢ ድኽነት፤ ድንቁርና፤ ትህኪት፤ ስኽራን፤ ስርቂ፤ ፍርሃት፤ አብ ነንሕድሕዱ ዘይምትእምማን ከምዝሓድሮ ገይሩ ሓላፍነቱ አረሲዑ አዕንይዎ ኢዩ ዝወጽእ። ብተመሳሳሊ ዲክታተር ንቑሩባት አገልገልቱ ትእዛዝ ፈጸምቲ ልኢኹ ዝፍጽሞ ዘሎ ርኡይ አዕናዊ ተግባራት ካብ ናይ ደገ ወራር ዝኸፍእ ኢዩ።

መንግስቲ ጣልያን ሃገርና አብ ትሕቲ ግዝአቱ ኣእትዩ ምስ ተቆጻጸረ ስተራተጂካዊ አቀማምጣ መሬታ ተረዲኡ ሐንቲ ክፍሊ ናይ ሃገር ጣልያን ገይሩ ነቲ ዘዝጸበቐን ዘዝሰብሓን መሬት ህዝቢ ንዜጋታቱ ዓዲሉ ምዕቡል አብያተ-ዕዮታት፤ ንአገልግሎቱ ዝጥዕም መገዲ ጽርግያታት፤ ምድሪ ባቡርን ትካላት ወደብ ባሕርን ሰፊሕ መራብሒ ከብቲን ሕርሻን አቁሙ። እዚ ኩሉ ስራሐት አብ ትሕቲ ግፍዕታት ጣልያን ጉልበት ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ጠፊእዎ። ቀጺሉ ምምሕዳር መንግስቲ እንግሊዝ ግዝአት ምሰፍሕፋሕ ምንግስቲ ጣልያን ምስተሳዕረ ነቲ ብመንግስቲ ጣልያን ዝተሰረተ ትካላት አፍሪሱ፤ ዝውሰድ አቑሑት አግዒዙ፤ ዝባላሾ አባላሽዩ፤ ዘየድሊ ድሑር ስምዒታት አተአታትዩ ምስ አብ መንጎ ከባቢ ዶባት ናይ ጎረባብቲ ሃገር ዝነብር ህዝቢ ፈላላይን አዕናውን ሐማማት ገዲፉ ኢዩ ወጺኡ።

ኤርትራ ብታሪኽ ልክዕ ከምተን ካልኦት ናይ ወጻኢ ግዝአት ዘሕለፋ ሃገራት አፍሪቃ መሰል ነጻነታ ብሕጊ ክትረክብ ዝግብአ ከሎ ብምኽንያት ረብሐ ወትሃደራዊ ስትራተጂ መንግስቲ አመሪካ አብ ቀርኒ አፍሪቃ ንምትካልን ድልየት አስፋሕፋሒ ግዝአት ንጉስ ሃይለ ስላሴ ንምዕዋትን ነቲ ውሳኔ ናይ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ን10 ዓመታት ፌደረሽን አትያቶ ዝነበረት ውዕል መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥሒሱ ምንግስታዊ ምምሕዳር ኤርትራ አፍሪሱ ሐንቲ ክፋል ጠቕላይ ግዝአት ኮይና አብ አርዑት ኢትዮጵያ ከምእትቖረን ተገይሩ። መሰረታዊ ማእቶት ሃብቲ ሃገር ኩሉ አብ ትሕቲኡ ገቢቱ ሒዙ አፍራይ ፋብሪካታት አፍሪሱ ንውሽጢ ኢትዮጵያ አጎዓዒዙ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ካብ ስርሑ ተሰጉጉ ከምዚ ሕጂ አብ ምዕቡላት ሃገራት ናይ ኤኮኖሚ ውድቀት ምስ አጋጠመን ሰራሕተኛታተን ካብ ስራሕ ዘውጽአ ዘለዋዉሞ ህዝበን ጫቕጫቕ ዝብል ዘሎ አብቲ ጊዜቲዉውን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ካብ ስራሕ ምስተባረሩ ጫቕጫቕ አቢልዎም ኢዩ።

ሃገርና ኤርትራ ነቲ ብሰላምን ፍትሕን ክትርከቦ ዝግብአ ነጻነት ስለ ተኸልከለት፡ ህዝቢ እታ ሐንቲ ምርጭኡ ዝነበረት ነጻነቱ ብሓይሊ ብረት ጥራይ ምኻኑ አረጋጊጹ ግዝአት ጸላኢ ክበትኽ ንጽቡቕ ዕላማ ብረታዊ ቃልሱ ጀሚሩ። እንተኾነ ግን ጽቡቕ ህዝባዊ ዕላማ ዘባህርሮም መራሕቲ ገድሊ ኤርትራ፤ ብዘይካ ስልጣኖም ረብሐ ብዙሐት ዘየገድሶም መርዛማት ደቂ ሃገር አብ ውሽጢ ገድሊ፤ ገድልን ጸረ ገድልን ዝብል አስማት አጠሚቖም አብ መንጎ ሐደ ህዝቢ ፈላላይን አዕናውን ውግእ ሕድሕደ ወሊያም ደም አፋሲሶም ጥራይ ዘይኮነስ ንወርቃዊ ግዜ ነጻነትዉወን ንድሕሪት ኀቲቶሞ ኢዮም።

ነቲ አብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንሃይለ-ስላሴ ዘውደቐ ሰርዓት ደርጊ ብሓዲሹ ከይደልደለ ከሎ ህዝቢ ኤርተራ ብኹሉ ሐይሉ ብጉልበቱን ንዋቱን ግዜ ከሎ ጊዜ አይትጸበ ኢሉ ነቲ ተረኺቡ ዝነበረ ጽቡቕ ሃዋሁው ተጠቂሙ አብ ዝተላዕለሉ እዋን ንጸላኢ ካብ መሬት ኤርትራ ንምጽራገ ዝቐለለ ከሎ መሪሕነታት ክልቲኡ ውድባት ውግእ ሕድሕድ ክዓርፍ ዝግብአ አቐጺሎሞ። ተበግሶ ሕቶ ደሞክራሲያዊ ሐድነት ብናይ ክልቲኡ ውድባት መሰረታውያን ተጋደልቲ ዝቐረበ አበርዒኒሞ። ዓቢይቲ ዓዲ፤ መራሕቲ ሃይማኖታት ምእንቲ ሰላምን ሐድነትን ውግእ ሕድሕድ ጠጠው ክብል አብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት አትዮም ለሚኖም ። እንተኾነ ግን ስልጣኖም ንቕድሚት ሰሪዖም ዝተበገሱ ጸረ ሐድነት አድሐርሓርቲ መሪሕነታት ናይ ክልቲኡ ውድባት ነቲ ጽቡቕ እማመ ሽማግሌታት ነጺጎም ንሰራዊት አብ ናይ መን ሰዓረ ውሽጣዊ ውግእ ኣእትዮም ነቲ አብ ልዕሊ ስኩፍ ስርዓት ደርጊ ክሓፈስ ዝነበሮ ናይ 1975 ዓ.ም. ህዝባዊ ዓወት ንረብሕኦም ሰለዘይኮነ አፍሺሎሞ። ከምኡዉውን ምኽርን ማዕዳን ተጋደልቲ ወጻኢ ሃገራት ውግእ ሕድሕድ አብ ገድሎም ዘስዓቦ ጉድለታት ተሞክሮኦም አስተምሂሮም አይተሰምዑን።

ይተካእ ይለቀብ ድአ ኮይኑ ነገሩ እምበር፤ መራሕቲ ክልቲኡ ውድባት ንህዝቢ ከታልሉ ውድብ ንውድብ ብመሪሒነት ደረጃ ናይ ክልቲኡ አካላት ምእንቲ ሐድነት ንዝቲ አሎና እንዳበሉ ንኸታልሉ ገለ ፈተነታት አርእዮም ነቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ውሽጣዊ ቕርሕንትታት አብ ክንዲ ዝሃድእ በብውሽጦም አባሊሖም መገዲ ዘተን ልዝብን ገዲፎም ብረታዊ ጎነጽ ናይ መንሰዓረ ውግእ ተኸፊቱ ደም ንጹሃት አሕዋት ፈሲሱ። ሓደ ውድብ ህዝባዊ ግንባር

ሰዓራይ ኮይኑ ምስ መሻርኽቱ ውድብ ትግራይ ድሒሩ ብዝተፈጥረ ናይ ባድመ ውግእ ዝፈረሰ ዕርክነቶም ሕጂ ካብ ክቱር ጽልኢ ዝተላዕለ መጽረይ አፍ ዲክታቶር ኮይኑ ዘሎ ወያነ ትግራይ ንሜዳ ኤርትራ ክብሕቶ ከሎ ውድብ ተጋድሎ ሐርነት ኤርተራ ድማ ተሳዒሩ አብ መሬት ሱዳን ከምዝዕስክር ኮይኑ። አብዚ ናይ ነንሕድሕድ ምጥፍፋእ ዝተኸፍለ መስዋእትን ዝተሐሸሸ ጊዜን ዝዓነወ ንብረትን መሪሕነት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ስልጣኑ ስለዘደልደለ ክሕጎስ ከሎ መሪሕነት ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ድማ ብስዕረቱ ጓሂ ጥራይ ዘይኮነስ ሃለዋቱ አጥፊኡ ፋሕብትን አትይዎ። ህዝቢ ናይ ክልቲኡ ውድባት መሪሕነታት አዕናዊ ትግባራት አቐዲሙ ገምጊምዎ ስለ ዝነበረ በቲ ዝተፈጥረ ዕንቅፋት ጉህዩ፤ መንኮርኮር ሰውራዉውን ንድሕሪት ተጎቲቱ። ብዙሐት ተጋደልትን ህዝብን ድማ ከምዚ ናይ ሎሚ ተኸሲቱ ዘሎ መገዲ ስደት ተገዲዶም ንዓዲ ስደት አምሪሖም።

ዝጠፍኤ ህዝባዊ ዓወትን ዘባኸነ ጸቡቕ ጊዜን አብ ግምት ዘየእተወ አብ ድሕነት ስልጣኑ ዝተመከሔ መሪሕነት ውድብ ህዝባዊ ግንባር መሬት ኤርትራ ንበይኑ ምስ በሐተ፤ ጸኒሑውን ተዓጻጻፊ ዓቕሚ ሰብን መሳርያታትን አዳልዩ ንህዝቢ ኣእሚኑ ምእንቲ ሰዓቢ ከረክብ አብ ልዕሊ ጸላኢ ተደጋጋሚ ውግአት አካይዱ ዓወታት አመዝጊቡ። ቀጺሉውን ነቲ ብመራሕቲ ውግእ ደቂ ሶቪየት ተደጊፉ፤ ብብዝሕን ዓይነትን መሳርያታት ውግእ ክሳብ ዓንቀሩ አብ አፍዓበት ዓጢቑ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ደምሲሱ ንህዝቢ ማዕጾ ነጻነት ከፊቱ ንዓለምውን መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ኣኢምኑዩ።

ኸዑ ድማዩ ኩሉ ህዝቢ ኤርተራ አብ ውሽጥን አብ ወጻእን ዝነብር ክሳብ እቶም ብውግእ ሕድሕድ ተደፊኦም ነሱዳን ዝአተዉ ተጋደልቲ ከይተረፉ ነቲ ነጻ ወጺኡ ዝነበረ ግንባራ ት ምእንቲ ከይድፈርን ህዝባዊ ሰራዊት ንቕድሚት ክግስግስን ዝተጸንበርዎ። ድሕሪ ክንደይ ሐጎጽጎጽ ድማ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ደም ምሩጻት ደቁ ከፊሉ በ1991 ዓ.ም. ተዓዊቱ። ህዝቢ ዋንነት ሃገሩ ብነጻነት ምስ አረጋገጸ መግለጺ ሐጎሱ ዘሊሉን ሳዕሲዑን።

ንጸላኢ ዝደምሰሰ ሐይሊ ህዝቢ ንሐርነታዊ ቃልሲ ነቲ አብ ጊዜ ገድሊ ዝጀመሮ ህዝባዊ ትካላት አብ ጊዜ ሰላም ብሃገራዊ ቁዋም አብ ትሕቲ ግዝአተ ሕጊ ብዝበለጸን ዝጸፈፈን ንምዕዋቱ አይክጽግመንንዉዩ ኢሉ ብተአማንነት ምስ ጽቡቕ ድልየቱን ዓቕሙን አብ ስራሕ ከውዕል ተበጊሱ ከሎ፤ ስጋ አድጊ ዝለመደ ዝብእስ ከይደቀሰ ይሐድር ከም ዝብሃል፤ ስልጣን ዘመሽመሾ ዲክታቶር ነቲ አብ ጊዜ ገድሊ ተሰሪቱ ዝነበረ ህዝባዊ ማሕበራት ብታሕቲ ታሕቲ አፍሪሱ ንስልጣኑ ዘገልግል ሐዲሽ ውድብ ህ.ግ.ደፍ. መስሪቱ። ሕቡእ መሐውራት ጸጥታዊ ስለላ ፈጢሩ ህዝቢ ብግስ ከምዘይብል ሐሊኹ ነቲ ህዝቢ በብዓቕሙ ሃገር ክሃንጽ ዝተበገሰሉ እዋን ሃገር ምእንቲ ከይትለምዕን ከይትህነጽን ናይ ውሽጢ ሃገር ሃብታም፤ ምሁር፤ ሞያተኛ ብእከይ ተግባራት ዲክታቶር ተማሪሩ ዓዱ ገዲፉ ከምዝለቕቕ ገይርዎ።
አብ ዓዲ ስደት ሰሪሑ ዘጥረዮ ሃብታም አብ ሃገሩ ስራሕ ክኸፍት፤ ተማሂሩ ዝቐሰሞ ፍልጠት አብ ሃገሩ ህዝቡ ክምህር ብዓል ሞያዉውን ተሞክሮኡ አብ ልምዓት ሃገሩ ከውዕል ዓዱ ክአቱ አብ ዝተበገሰሉ ጊዜ ተኾሊፉ፤ ሃብቱ፤ ፍልጠቱን ክእለቱን አብ ክንዲ አብታ ጽቡቕ ዝተመነየላ ሃገሩ ዘውዕሎ አብተን ተሰዲዱ ዝነብረለን ሃገራት የውዕሎ ኣሎ። እታ ብዓቕሚ ህዝባ ክትህነጽን ክትምዕብልን ዝግብአ ሃገርና ድማ ክሳብ፤ ክሳብ እዚ ጠላም ዓጋቲ ምዕብልና አብ ስልጣን ዘሎ አገልግሎት ደቃ አይክትረክብንእያ።

ሐደ ህዝቢ አብ ዝጠዓሞ ቆዋሚ ናይ መንበሪ ፍሉጥ ቦታ ምስ ዝህልዎ፤ ብዛዕባ ስራሕ፤ ትምህርቲ፤ ሕክምና ኩሉ መሰላቱ ሐሲቡ ክዛረብ፤ ሕቶታት ከልዕልዩ ስለ ተባህለ ብቐሊሉ አብ ናይ ጸጥታ ስለላ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝቆጻጸረሉ ቦታታት ብምኽንያት ሐለዋ ዶባት፤ ሃገራዊ አገልግሎት መደባት ሐንጺጹ ንኹሉ መንእሰይ አብ ተጠንቀቕ ዓኒዱ፤ ምእንቲ ብመሰሉ ከይሐስብ በብጊዜኡ ቦታታት እነዳቀያየረ ንዘይተወሰነ ጊዜ ሒዙዎ አሎ። እዚ ድማ ዲክታቶር ናይ ብሕቱ ፍጹም ጽልኢ አብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ስለዘሕደረ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ህዝቢ ግን ረብሕኡ ስለዝፈልጥ ነቲ ፍጹም ግህሰት መሰሉ ዋላኳ በቲ ስሩዕ አገባብ ንመሰሉ አብ ቦታኡ ኮይኑ ክቋወም አይኽአል እምበር ነቲ ብአስገዳድ ዝተምደቦ ስራሕን ቦታን ጠንጢኑ በብመዓልቱ ብአምአት ቁጽሪ እንዳተሰደ ተቓውሞኡ ይገልጽ አሎ።

## ቁሩብ ካብ እከይ ተግባራት ህ.ግ.ደ.ፍ.

ሰልማት ሃገር ዘኾነ ኅቦታት፤ ሩባታት፤ አግራብ ዘፍረሰ ህግደፍ
ህዝቢ ኤርትራ ብስደት አብ ቀዳማይ ደረጃ ዝሰርዔ ህግደፍ
ካብ ገዝኦም አዛናቢሉ ናይ ጽርግያ ቆልዑት ዝገበረ ህግደፍ
ዶብ ክሰግር ዝተረኽበ ተኩሽካ ቕተል ዝፈረደ ህግደፍ
ህዝቢ ጠምዩ አብ ውሽጢ ሃገሩ ክስደት ዘገበረ ህግደፍ
መንእሰይ ብምረት ግፍዕታት ክስደት ዝገበረ ህግደፍ
ምስ ዓለምና ክልተአዊ ዝምድናት ዝበተኸ ህግደፍ
ህንጻታት ሃገር ቤት ማኢሰርት ዝቐየረ ህግደፍ
ካብ ሕብረት አፍሪቃ አባልነት ዝሰሐበ ህግደፍ
አብ ባሕሪ ጥሒሉ ቀለብ ዓሳ ዝገበረ ህግደፍ
ዘይ ባህርያቱ ህዝቢ ክልምን ዝገበረ ህግደፍ

*ሃገራዊ ቁዋም ኣብ ከብሒ ዝደርበየ ህግደፍ*
*ሐንቲ ስደረ ቤት ክትፈላለ ዝገበረ ህግደፍ*
*ክብርን ባህልን ብሄራት ዝጠሐሰ ህግደፍ*
*ኣብ ሳህራ ሑጻ ተደፊኑ ዘትረፈ ህግደፍ*
*ጉቦ ስልጣንን ገንዘብን ዘልመደ ህግደፍ*

ብልሐት ስልጣን ዲክታቶር ኢሳያስ ምሰ ቁሩብ ጉጅለ ህግደፍ ዝፈጠርዎ ዕንወታት እንተተመልከትካ ምዝንባል ዓድታት፤ ምፍልላይ ስድራቤታት፤ ናይ ሃገር ኤኮንሚ ውድቀት፤ ተረሚሱ ዘሎ ሃገራዊ ልምዓት፤ ፈሪሱ ዘሎውሽጣዊ ምምሕዳራት፤ ተኸልኪሉ ዘሎ ደሞክራሲ፤ ተቛሪጹ ዘሎ ናይ ደገ ዲፐሎማሲያዊ ዝምድናታት እቲ ብድሕሪ ምዳኽ እዚ ሰበበኛ ስርዓትዚ ዝቐውም (ዝትከል) ሰላመውን ፍተሐውን መንግስቲ ኑቲ ኩሉ ኢሳያስ ዘባላሸዎ ኣብ ንቡር ምምሕዳር መሊሱ ግቡእ ስረት ከትሕዞ ኩሉ ሃዲኡ ዝሐስብ ንሐደ ስሩት ወይ ዝተሃነጸ ነገር ከተፍርሶን ነቲ ፍሩስ ክትሃንጾን ኣየናዮም ከምዝቐልል ኩሉ ወዲ ሃገር ዝፈልየጦ ኢዩ።

ስለዚ ነዚ ስርዓት ህግደፍ ሃገር ከፍርስ መስል ዜጋ ክግህስ ዝወሰደሉ ጊዜ ዝሐለፉ 19 ናይ ዕንወት ዓመታት በዚ ሕጂ ዘሎ ድኽነት፤ ናይ ህዝቢ ምዝንባል ናይ መንእሰያት ስራሕ ዘይምህላው፤ናይ ወተሃደር ምብዛሕ ናይቲ ዝትከል መጻኢ መንግስቲ ምትዕርራይ መደባት ክግምገም ከሎ ብርቱዕ ተጸዋርነት፤ ግሉጽነት፤ ተሐታትነት ምስ ድቃስ ዘይህብ ናይ ስራሕ ተበግሶ ዓቢ ሃገራዊ ሐላፍነት ስለዝሐትት ነዚ ናይ ሕጂ ጸገም ናይ ጽባሕ ጸገም ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ህዝቢ ተደራራቢ ጸገማት ኣብ ክንዲ ክበዝሕን ክነውሕን ዝጽበ ንምሕጻሩ ምእንቲ ረብሐ ህዝቢ፤ ብትዕግስትን ብልዝብን ነቲ ዘየሎ ከምዘሎ ዘስምዕ ፍልልያት ናይ ውድባት፤ ሰልፍታት፤ ህዝባውያን ማሕበራት ኣሪምካ ከምቲ ንዝሐለፉ ግዝኣታት ናይ ወጻኢ ጸላእቲ ኣዕንዩ ዝሰዓሮ ነዚ ጽልኢ ዝመሰረቱ ብዘይ ሐላፍነት ብትዕቢት፤ ንዕቀት ተሸንዲሖ ሃገር ኣዕኒዩ ዘሎ ሽዱድ ናይ ውሽጢ ጸላኢ ዲክታቶር ምስ ጉጅለ ህግደፍ ንምዕናዉ ዘጸቢ ጊዜ ኣይኮነንዉሞ ኩሉ ወዲ ሃገር ብሐደ ዕጥቂ ኢድን ጓንትን ኮይኑ ከዕንዎ ኣለዎ።

ሐድነት ህዝቢ ሐይሊ ኢዩ፥

ገብረዝጊ ኣፈወርቂ፤